ክታበት COVID-19

# ሓቅታት ርኸብ፡፡

ሕጂ ንዓበይቲ፣ ንቈልዑ፣ ንሕጻናት ክፉት እዩ

ጥዕና ውሉድካ ሓሉ፡፡ ጥዕና ማሕበረሰብካ ሓሉ፡፡

## ቈልዑን መንእሰያትን እዋናዊ ኽታበታት COVID-19 ምስ ወሰዱ ብዝያዳ ይሕለዉ እዮም፡፡



ክታበት ንኹሉ ይከላኸል ሕጻናትን መናእሰያትን ሓዊስካ ካብ COVID-19፡፡ ክታበት ንቖልዑት ከቢድ ሕማም ንኸይሕዞም ዉን ይዓግቶም እዩ፡፡

ንናብ ካልኦት ብቐሊሉ ዝላብዑን ዝያዳ ኸቢድ ምልክታት ከስዕቡን ዝኽሉ ሓደሽቲ ዓይነት COVID-19 ኣለዉ፡፡ ክታበታት ካብ ዓይነታት ቫይረስ ኮቪድ ይከላኸል እዩ፡፡

## ውሑስን ውጽኢታውን

- ኣብ ታሪኽ ሕ.መ.ኣ፡ ከምዚ ኽታበት ገይሩ ውሕስነቱ ብመርመራታት እተተረጋገጸ ኻልእ ኽታበት የለን፡፡
- እቲ ኽታበት ንቈልዑን ንመንእሰያትን ንዓበይትን እንተላይ እተፈላለየ ዘርእን ዓሌትን ዕድመን ንዘለዎም ውሑስ ምዃኑ ተረጋጊጹ እዩ፡፡
- ክታበታት COVID-19 ንጕብዝና ወይ ንናይ ምውላድ ክእለት ኣይጸሉን እዩ፡፡ ክታበታት ምውሳድ፡ ደቅኻ ኣብ መጻኢውሉዳት ከም ዘይወልዱ ኣይገብሮምን እዩ፡፡

## ንኹሉ ብናጻ

- ንስኻን ውሉድካን **ናይ መንበሪ ፍቓድ** ይሃልኹም ኣይሃልኹም ብዘየገድስ ክታበት ብናጻ ኽትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም፡፡
- ንስኻን ውሉድካን ክታበት ንምኽታብ፡ **መንነት ከተርእዩ** ወይ ድማ **ናይ ሕክምና ኢንሹራንስ** ክህልወኩም ኣየድልን እዩ፡፡

## ምኽታብ ህጻናትን መንእሰያትን ንመላእ ሕብረተሰብ የዉሕሶ፡፡

እዋናዊ ኽታበታት COVID-19 እተኸትቡ ሰባት፡ ነቲ ቫይረስ ናብ ካልኦት ከመሓላልፉሉ ዝኽ እልሉ ኣጋጣሚ ጸቢብ እዩ፡፡ ብቑዓት ዝኾኑ ቖልዑ ምስ ዝኽተቡ እዞም ዝስዕቡ ይዕቑቡ፦

- ዛጊት ዘይተኸትቡ ኣዕሩኽትን ኣዝማድን፡፡
- COVID-19 እንተ ሒዝዎም ኣመና ክኸብዶም ዝኽእል ብዕድመ ዝደፍኡ ዓበይትን ናይ ጥዕና ጸገም ዘለዎምን ሰባት፡፡

ብዙሓት ቈልዑን ዓበይትን ብተኸትቡ መጠን፡ ኣባይቲ ትምህርትን ድኳናትን ክኽፈት ይኽእል፡፡

NRC-RIM
National Resource Center for Refugees, Immigrants, and Migrants

17 Aug 2022

ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፦ cdc.gov/coronavirus

# እንታይ ክትጽበ ትኽእል?

ውሉድካ እዋናዊ ኽታበታት COVID-19 ምስ ዝኽተብ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ስፖርታዊ ምቅንስቓሳት ክሳተፍ ክሎ፡ ነኣዕሩኽቱን ስድራ ቤትን ክበጽሕ ክሎ፡ ካብ ምሕማም ውሑስ ይኸውን። እዋናዊ ምኺን ማለት ንኽልቲኡ ኽታበታት ምኽታብን ብቑዕ ዝኹንካሉ ሓጋዚ መበርትዒ ኽታበታት ምኽታብን ማለት እዩ።



### ኣብቲ ቈጸራ፦

- ኣለዩቲ ሕሙማት ወይ ዶክተር ንዉልድኩም ክታበት ቅድሚ ምሃቡ፡ ብዛዕባኡ ይነግርኹም፡ ሕክምናዊ ታሪኽ ውልድኩም ይርእዩ፡ ከምኡውን ሕቶ እንተ ኣሊኩም ይሓትኹምን እዮም።
- ውሉድካ አለርጂ ኸም ዘይገበረሉ ንምርግጋጽ ካብ 15-30 ደቒቕ ክጸንሕ ኣለዎ።

## ቀሊል ጐድናዊ ሳዕቤናት ከጋጥም ንቡር እዩ።

ጐድናዊ ሳዕቤናት እንተ ኣጋጢሙ፡ እዚ ውሉድካ COVID-19 ሒዝዎ ማለት ኣይኮነን።

ጐድናዊ ሳዕቤናት ማለት እቲ ኽታበት ንሰብነት ውሉድካ ብኸመይ ን COVID-19 ክቃለሶ ኸም ዘለዎ ይምህሮ ኣሎ ማለት እዩ።

ጐድናዊ ሳዕቤናት ነዚ ዝስዕብ የጠቓልል፦

- ☐ ኣብቲ እተኽትበሉ ቐልጽም ቃንዛ ወይ ሕበጥ
- ☐ ድኻም
- ☐ ርእሲ ሕማም
- ☐ ቃንዛ ጭዋዳታት
- ☐ ቊሪ ቈሪ ምባል
- ☐ ረስኒ
- ☐ ምዕግርጋር

## ከቢድ ጐድናዊ ሳዕቤናት ሳሕቲ እዩ ዘጋጥም።

**ክታበታት ውሑስ እዩ። ውሉድካ ካብክታ በት ምውሳድ ንላዕሊ ብሰንኪ COVID-19 ሓደገኛ ሕልኽላኻት ከጋጥሞ ዝሰፍሐ ዕድልኣሎ።**

ውሑዳት መንእሰያት ከም ነድሪ ልቢ (myocarditis ወይ pericarditis) ወይ ምርጋእ ደም ዝአመሰለ ጐድናዊ ሳዕቤናት ኣጋጢምዎም እዩ።

- ከቢድ ጐድናዊ ሳዕቤናት **ኣመና ሳሕቲ እዩ ዘጋጥም።**
- ከቢድ ጐድናዊ ሳዕቤናት **ዝሕከም** እዩ ዝሓዞም ሰባት ድማ ሒሽዎም እዩ
- እቲ ጥቕሚ እቲ ኽታበት ካብቲ ኼስዕቦ ዚኽእል ሓደጋ ይዛይድ

# ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ንሓኪምካ ሕተት

ብዛዕባ ክታበታት COVID-19ን ውሉድካ ዘድልዮ ኻልእ ክታበታት እንተሎ ንምፍላጥን ንሓኪም ውሉድካ ወይ ንኣላዩ ሕሙማት ሕተት።

NRC-RIM
National Resource Center for Refugees, Immigrants, and Migrants

ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፦ cdc.gov/coronavirus